# ናብ ቤተመጻሕፍቲ እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም!

Tigrinja

ኵሉ ውልቀሰብ ናብ ቤተመጻሕፍቲ ኪመጽእ ይኽእል'ዩ።

ኣብ ቤተመጻሕፍቲ ምእታው ንኹሉ ናጻ'ዩ።

ብካርድ ቤተመጻሕፍቲ: መጻሕፍቲ ክትልቃሕ: ኮምፒዩተርን ኢንተርነትን ክትጥቀምን ትኽእል።

ኵሉ ካርድ ቤተመጻሕፍቲ ኪውጽእ ይኽእል'ዩ።



እዚ ቤተመጻሕፍቲ: ብተፈላለዩ ቋንቋትን ካብ መላእ ዓለምን ዚመጹን መጻሕፍትን ጋዜጣታትን ኣሎዎ።

ወይ ኣብ ቤተመጻሕፍቲ መጺእካ ኣንብብ ወይ ንገዛ ተለቃሕ። ናጻ'ዩ።

ፊልምታት: ጸወታትን ጻሕልታት ሙዚቃን ኣለዉ።

ኣብ ቤተመጻሕፍቲ: ኮምፒዩተርን
ኢንተርነትን ክትጥቀም ትኽእል። ናጻ ዋይ-ፋይ እውን ኣሎ።

ኣብ መጻሕፍቲ: ጽሒፍካ ከተውጽእ: ክትቀድሕን ክትስእልን (scanna) ትኽእል።



ብተፈላለዩ ቋንቋት ዝተጻሕፉ መጻሕፍቲ ቈልዑ ኣለው።

ንልቓሕ ዚኸውን ክፍልታት ኣሎ።

እዚ ቤተመጻሕፍቲ ዚበዝሕ እዋን ህዱእ'ዩ። ንቑሩብ ጊዜ ስቕ ኢልካ ጥራይ ኮፍ ምባል ይከኣል'ዩ።

## በዚ ዚስዕብ ኣገባብ ኢኻ ናይ ቤተመጻሕፍቲ መለቅሒ ካርድ ከተውጽእ ትኽእል

1. ናብ ቤተመጻሕፍቲ መጺእካ ምስ ሰራሕተኛታት ተዛረብ።
2. ወረቐት መንነትካ ኣርኢ። ወረቐት መንነት እንተ ዘይተብልካ እውን ናይ ቤተመጻሕፍቲ መለቅሒ ካርድ ከተውጽእ ትኽእል ኢኻ። እቲ ካርድ ሽዑ ንሰለስተ ወርሒ የገልግል።
3. ሓደ ፒን-ኮድ ምረጽ (ኣርባዕተ ኣሃዛት ዝሓዘ)

ናብ ቤተመጻሕፍቲ ክትመጽእ ከለኻ ካርድኻ ተማላእ።



እቲ ኣብ ቤተመጻሕፍቲ እትልቅሖ: ንሓደ: ንኽልተ ወይ ነርባዕተ ሰሙናት ክትሕዞ ትኽእል። ንመብዛሕትኡ ዳግማይ ምልቃሕ ይከኣል'ዩ።

ንዝተለቃሕካዮ ብእዋኑ ምምላስ ኣገዳሲ'ዩ። እንተ ዘይኮነ ክፍሊት ክትከፍል ክትግደድ ትኽእል ኢኻ። ንካርድኻ'ውን ጠጠው ከተብሎ ትኽእል ኢኻ።

ክትልቃሕ ከለኻ ቅብሊት ትወስድ። ኣብዚ ቅብሊት: እቲ ልቓሕ እትመልሰሉ ናይ መወዳእታ መዓልቲ ተገሊጹ'ሎ።

እዞም ኣብዚ ቤተመጻሕፍቲ እንሰርሕ ሕቶታትካ ክንምልሽ ቅሩባት ኢና።

ናይ ቤተመጻሕፍትና መካነ-መርበብ ኣድራሻ Minabibliotek.se እዩ። እቲ ኣብኡ ዘሎ ትሕዝቶ ዝዓበየ ክፋሉ ብሽወደንኛ'ዩ ተጻሒፉ።

ክምቲ ኣብ ገዛኻ ዚርከብ ኣቑሑ ክትልቃሕ: መጽሓፍ ክትእዝዝ ወይ ኤለክትሮኒካዊ መጽሓፍ (e-bok) ክትልቃሕ ኣብ Minabibliotek.se ኣካውንት ከተውጽእ ትኽእል ኢኻ። ድላይካ እንተ ኾይኑ ክንሕግዘካ ንኽእል ኢና።

# ናይ ቤተመጻሕፍቲ ካርድ
# ኣብዞም ዚስዕቡ ኣብያተ መጻሕፍቲ የገልግል

**ብዩርሆልም**
ቤተመጻሕፍቲ ብዩርሆልም

**ኖርድማሊን**
ቤተመጻሕፍቲ ኖርድማሊን
መደበር መጽሓፍ ሩንድቪክ

**ሮበርትፎሽ**
ቤተመጻሕፍቲ ቢግደዮ
ቤተመጻሕፍቲ ሮበርትፎሽ
ቤተመጻሕፍቲ ኦኔሰት

**ኡመዮ**
ቡክቡሰን (Bokbussen)
ቤተመጻሕፍቲ ኤሸቡዳ
ቤተመጻሕፍቲ ግሩበ
ቤተመጻሕፍቲ ሆልምሱንድ
ቤተመጻሕፍቲ ሆርነፎሽ
ቤተመጻሕፍቲ ማርየሄም
ቤተመጻሕፍቲ ኡቡላ
ቤተመጻሕፍቲ ሲቫር
ህዝባዊ ቤተመጻሕፍቲ ኡመዮ
ቤተመጻሕፍቲ ቴግስቢ
ቤተመጻሕፍቲ ኡመዳለን
ቤተመጻሕፍቲ ኦሊደሄም

**ቪንደልን**
ቤተመጻሕፍቲ ቪንደልን
ቤተመጻሕፍቲ ግራንኦ
ቤተመጻሕፍቲ ሄልነስ
ቤተመጻሕፍቲ ትቨርኦሉንድ
ቤተመጻሕፍቲ ኦምሰለ

**ቬነስ**
ቤተመጻሕፍቲ ቬነስ
ቤተመጻሕፍቲ ቬነስቢ

## እቲ ንዓይ ዝቐረበ ቤተመጻሕፍቲ:-